# <u>ክትራ ብቐትሪ: ሽፍትነት ጎደቦ!!!</u>
# <u>ምስ ተሓዝለ ዝሓጽር ድንኪ!!!!</u>





ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም　　　ቀ.ሚ. መለስ ዜናዊ　　　ብ.ጀ. ተኽለ ክፍላይ

**ተቓጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቅድሚ ምምጽኡ: ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም (ወጅሀይ): ምስ ብሪጋደር ጀነራል ተኽለ ክፍላይ (ማንጁስ): ኣብ ዘይሕጋዊ ፍልሰት ደቂ ኣዳም ብሓባር ይሰርሕ ነይረ ኢሉ እንተዘይመስኪሩ: ኣብ ማእሰርቲ ክበሊ ም኿ኑ ሓብርዎ!!!!!!! ቀዳማይ ሚኒስተር መለስ ዜናዊ:-**




***ሳልቫኬር እነግረካ ኣለኹ! ጸሓፊ ወጻኢ ጉዳያት ኣሜሪካ ጆን ኬሪ መጺኡ እንከሎ: ካብዛ ዘለኻያ ክፍሊ ከይወጻእካ እንክለኻ: ምስ እዚ መቐናቕንትኻ ሪክማቸር ቶኽሲ ደው ናይ ምባል ውዕል እንተዘይከቲምካ: ናብ ማእሰርቲ ክተምርሕ ኢኻ!!! - ቀዳማይ ሚኒስተር ሃይለማርያም ደሳለኝ***

# መእተዊ

1. ዝኸበርኩም ተኸታተልቲ: ኣብ'ዚ ካብ ሎሚ ጀሚርና ብተኸታታሊ ክነቕርቦ መዲብና ዘለና ጽሑፍ: ምናልባት ኣብ ኣቀራርባና: ንሓደ ውልቀ-ሰብ ንከላኸል ዘለና ክምስል ይኽእል ይኸውን:: ኣብ ውሽጢ ናይ'ቲ ትሕዝቶ ብጥልቀት ምስ እንኸይድ ግን: ንናይ ሓደ ውልቀ-ሰብ ጉዳይ ኢልና ዘይኮነ: እንታይ ድኣ ብመንገዲ እቲ ውልቀ-ሰብ ንምልእቲ ሃገር ወረ ሕጅስ ንምልእቲ ኣፍሪቃ እንተብልና ኣየጋነንናን: ኣብ ባይታ ብዘየለ ነገርን: ጭብጢ ብዘይተረኸቦ መንገድን: ነቲ ናይ ንድየት ዕንደራን ደባሊቕካ: ንሃገር ብዕምብረ ሓሶት ጸለሎ ቀቢእካ ንዝግበር ዳንኬራ ክስታት ንምቅላዕ ዝዓለመ ኢዩ:: ነቲ ጽሑፍ ብዕምቀትን ብተኸታታልን ዘይነበቦ ሰብ ግን: ብላዕሊ ላዕሊ ጥራይ ንውልቀ-ሰብ ንከላኸል ዘለና ክመስሎ ይኽእል ኢዩ:: ብሓላፍነታዊ መንገዲ ውልቀ-ሰብ 'ውን ንጹህ እንተኾይኑ: ክንከላኸለሉን ክንጣበቐሉን ግቡእን ግዴታ ኢዩ:: ስለ'ዚ እዚ ናይ ሎሚ ጽሑፍና: ንብዙሕ ሕልኸላኻዊ ውዲት ኣሰራርሓ ተቐጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን: ምትእስሳሩ ምስ ስርዓት ኣዲስ ኣበባን: ዘጋጥሞ ዘሎ ብድሆታትን ብዝተጨበጠ መልክዑ ዘቕርብ ስለ ዝኾነ: ክትራ ብቐትሪ ሽፍትነት ጎደቦ ምስ ተሓዝለ ዝሓጽር ድንኪ ብህድኣት ክትነብዎ ንዕድም::

2. ኣብ'ዚ ቅንያት እዚ: ኣብ ገጻት Facebook: ብHadish Goulay ዝብል መጸውዒ ስም ዘለዎ ሰብ: ሓደ ናይ ጠቐነ ጽሑፍ ተዘርጊሑ: ናብ ዝበዝሐ ተጠቃሚ Facebook ከም ዝባጻሕን ከም ዝዝርጋሕን ኮይኑ ኣሎ:: ንምኟኑ:- እቲ ዝተዘርግሐ ጽሑፍ ቅድሚ ናብ ሓቂ ዲዩ? ሓሶት? ኢልካ ትንታኔ ምሃብ: እንታይ ዓይነት ትሕዝቶ ዘለዎ ጽሑፍ ኢዩ ተዘርጊሑ ዘሎ? ነቲ ናብ ኩሉ ተኸታታሊ ተዘርጊሑ ዘሎ ጽሑፍ ከም ዘለዎ ክነቐምጦ መሪጽና ኣለና: እቲ ጽሑፍ ምስ ሒዝዎ ዘሎ ስእሊ ኸኣ እዚ ዝስዕብ ኢዩ:-




ቅድሚ ሕጂ ቡዙሓት ከም ንፈልጦ ብ ሰንኪ እዚ ኣንጎሶም ጠዓመ ተኽለ መበቆል ዓዱ ኣኽራን ከባቢ ሰንዓፈ ስም ኣደ ሂወት ክፍላት፡ቡዙሓት ሰባት ሂወቶም ዝሰኣኑ፡ ኣሕዋትና ዝተደፍራ ፡ዚተሸጡ ደሃይ ዘይብሎም ዝጠፍኡን ኣለዉ፡፡ብ ጉዱሳት ደለይቲ ፍትሒ ተኸሲሱ ን ሓደ ዓመት ዝኣክል ኣብ ኢትዩፒኣ ተኣሲሩ ድሕሪ ምጽናሕ ብ ጉቦ ካብ ቤት ማእሰርቲ ወጺኡ ሕጂ ኣብ ሱዳን ኮይኑ ነቲ እከይ ተግባሩ የውሃት ሰባት ክሸይጥን ከደናግርን እንደገና ጀሚሑዎ ኣሎ፡፡ምስ ኣንገሶም መተሓባብርቱ (በሪሁ ኣስመላሽ) መበቖል ዓዱ ዑናዓንዶም ካልኣይ ከኣ ዮናስ ዝበሃሉ ኣለው፡፡እዚ ሕጂ ጀሚሮሞ ዘለዉ ከኣ ኣብ ኢትዮጵያ ሓድሽ መዓስከር (ካምፕ) ሒንትጻጽ ዝበሃል ኣሎ ገንዘብ ከየኽፈሉ ናብ ሱዳን ናብዚ ኣንጎሶም (ወዲ ጀሆይ) ይሰድዎም፡፡ከምቲ ቅድሚ ሕጂ ናብ ኢስራኤል ኢሉ ኣብ ሲና ዚሸጦም ዝነበረ ኣብዚ ግዜ ዚ ከኣ ናብ ሊብያ ኢሉ ኣብ ሊብያ ዝሸጦም 4 ኣዋልድ ዝርከብኦም ኤርትራውያ ኣለዉ፡፡ኩሉ ኤርትራዊ ክርድኦ ዘለዎ ብ ነጻ ዝበሃል መንገዲ የለን እንታይ ድኣ ሕማቅ ዕላማ ኤርትራዊ ኣቅሓ ተረኺቡ ዓይኒ ሰብ ኩሊት ሰብ ክሸጡ ኣሕዋትና ከም ድላዮም ክጻወቱለን ኢዩ፡፡share ንግበሮ ን ኩሎም ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ዘለዉ ፈለጥትና ከኣ ንሓብር፡፡ተሌፎን ቁጽሩ ናይዚ ኣንገሶም 00249 9960888831 Micheal Embaye, Micheale Tesfamariam, Ahmed Abdella, Henieken Pentagon and Rahel Zecarias.

3. ብወገና ኸኣ: ህዝቢ ንኹሉ ሸነኻት ብምምማይ: ሓቀኛ መልክዕ ናይ'ቲ ጉዳይ ኣራቒቑ ብምስትውዓል: ነቲ ዓገብ ምባል ዘድልዮ ሸነኽ ዓገብ ክብሎን: መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣሽምባይዶ ንሓደ ተራ ኤርትራዊ ዜጋ: ንመራሕቲ መንግስታት 'ውን ከይተረፈ: ኣብ ገዛ ዓጽዩ ብምፍርራሕ ከፈርም ዘስገድድ: ብናይ በረኻ ሕጊ ዝኸይድ ምዃኑ ብምንጻር: ኤርትራዊ ሃገራዊ: ነቲ ብሕጊ ክተሓሓዞ ዝግበኦ ውልቀ-ሰብ ዲዩ ጉጅለ: ዋላ መንግስታት ዲዮም ትካላት ሉኡኻት ማሕበራትን ውድባትን መንግስታትን ዓለምን: ዘድሊ ተቓዉሞኡ ብምስማዕ: ኣብ ጎኒ ሓቂ ተሰሊፉ ዜጋታቱን ሉኡላዊ ክብሪ ሃገሩን ክከላኸልን ክጻፋዕን ብማለት: ነቲ ሓቂ ከም ዘለዎ ብምቕራብ: ህዝብን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ናቱ ትዕዝብቲ ብምቕማጥ: ናይ ገዛእ ርእሱ ባዕላዊ ውድዓዊ ውሳኔ ክወስድ ብማለት: ነቲ 227 ገጽ ዝሓዘ ምሉእ ሓበሬታ ከም ዘለዎ ንዝርግሖ ኣለና:: ንምቑጽነት ምክትታል ክጥዕም ከኣ ብክፋላት ነቕርቦ ኣለና::

1ይ ክፋል

# <u>ውሳኔ ባይቶ ጸጥታን:</u><br><u>ጸብጻብ ተቖጻጻሪት ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ሞኒተሪን ግሩፕ</u><br><u>ኣብ ጉዳይ ኤርትራ 25 ሓምለ 2013</u>

4. እዚ ትሕት ኢሉ ሰፊሩ ዘሎ ጽሑፍ: ካብ'ቲ ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ኣብ ናይ ዕለት 24-25 ሓምለ 2013 ርክቡ: ካብ ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ሶማልያን ብዝሃቦ ጸብጻብ መሰረት ናይ ዘሕለፎ ውሳኔ:- **<u>"ኣብ ምዕራፍ 6, ካብ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን: ንርኽበት ገንዘብ ዝግበር ምእካብ VI. Revenue collection outside Eritrea."</u>** ኣብ ንኡስ ኣርእስቲ ምዕራፍ (ለ) ካብ ዝሰፈረ **<u>"ለ. ርኽበት ገንዘብ ካብ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት B. Revenues from human trafficking"</u>** ካብ ገጽ 34-35 ካብ ዝተጻሕፈ ናይ እንግልዝኛ ትርጉም: ብኸፊል ዝቐረበ ኢዩ:: እቲ ቀዳማይ ኢድ ጽሑፍ እንግሊዝ: ኣብ ትሕቲ ናይ'ዚ ትርጉም ኣሎ:: ንምሉእ ትሕዝቶ ናይ ውሳኔ ምስ ዝድለ ኸኣ: ኣብ'ቲ S/2013/440 ኣብ ምዕራፍ ሓሙሽተ ገጽ 34 ክሳብ ገጽ 35 ምውካስ ይከኣል:: Security Council 25 07 2013.pdf

5. **ለ. ርኽበት ገንዘብ: ካብ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባት::**
**B. Revenues from human trafficking.**

134. ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ተነቃፊ ዝኾነ ተኸታታሊ ጸብጻብ (S/2011/433: ከምኡ 'ውን S/2012/545) ኣብ ክሊ ኩነት ኤርትራ ዘቶኮረ ወግዓዊ ጸብጻብ ናይ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን: መሸጣ ደቂ ሰባትን ቀሊቤት ምትእስሳርን ማእከል እዝን: ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ሱዳን ረኺቡ ኢዩ:: ኣብ ግብጽን እስራኤል 'ውን ረኺቡ ኢዩ:: (107) ከምኡ 'ውን ኣጻርዩ ዝረኸቦ ኣብ ስዊዝ ዝርከብ ቁጽሪ ሕሳብ ባንክ ገንዘብ ዝጠራቐመሉ ኣታዊ: ካብ'ቶም ግዳያት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን ጭውያን መሸጣን ዝኾኑ ቤተ ሰብ ዝኸፈለሉን: ናብ'ቶም ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ እታው ዝገብሩሉ ዝነበሩ መዝገቡ ኢዩ::

107. ጸብጻብ ኣምነስቲ ኢንተርናሽዮናል: ግብጺ/ሱዳን ስደተኛታት ንእትዋት ክፈሊት ገንዘብ ተባሂሎም ተጨውዮም: ከም ጅሆ ዝተታሕዙን ኣነዋሪ ኣተሓሕዛ ናይ'ቶም ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርትን 03 ሚያዝያ 2013:-

135. ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብተወሳኺ: ቀጻሊ ጸብጻብ ካብ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰልን: ናይ ስደተኛታት ተሓለቕቲ ተጸዋዕትን: ብዛዕባ ጉዕዞ ኣካይዳ ስራሕ (ሰምሰርቲ) ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርትን ጨወይትን መሸጣ ደቂ ሰባትን ብዝምልከት: ካብ ኣሽሓት ኤርትራውያን ንሱዳን ረጊጾም ብሲናይ ኣቢሎም ናብ ግብጺ: ከምኡ 'ውን ብተኣምር ናብ እስራኤል ናይ ዝኣተዉ ጸብጻባት ተቐቢሉ ኢዩ:: እዚ ኹሉ ካብ'ቲ ተኣፋፍን ብጥብቂ ዝሕሎን ዶባት እስራኤልን ግብጽን ኢዩ:: ኣብ 2012 ዝበዝሑ ስደተኛታት: ሕጂ መዕረፊኦም ኣብ ግብጺ ብፍላይ ከኣ ከተማ ካይሮ ኢዩ:: ኣብ ጉዕዞኦም እቲ ዝነውሐ ጸገማቶም: የሳቕይዎም ብጭካነ ይገርፍዎም: ከምኡ 'ውን ነቲ ዝሓትዎ ገንዘብ ንኸኽፍልዎም ክብሉ እቶም ጉጅለ በደዊን ከተርቲ: ኣብ ሲናይ ከም ጅሆ ይሕዝዎም: የበሳብስዎም ስቓይን መከራን የውርዱሎም:: ኣብ ግብጺ ናይ ራሻይዳ በደዊን ጉጅለ ዓመጽቲ ሸፋቱ: ከምኡ 'ውን ኣብ ሱዳንን ኤርትራን ነቲ ዕማማት ዘሳልጡን ዝቕልስዎን ናይ ኤርትራ ወኪላት ኢዮም:: ክልቲኦም ኣካላት ብሓባር ኮይኖም ክሳብ $40.000 (ኣርብዓ ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ) ካብ ግዳያት ኣባላት ቤተ-ሰብ ኣብ ስደት ዝነብሩ ኤርትራውያን ገንዘብ የኽፍሉ::(108)

136. እቲ ብጭውያ ዝኽፈል ዝእከብ ገንዘብ ካብ ስደተኛታት ኤርትራውያን: በቲ ቐንዲ ቀለቤት ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ ዝፍጸም: ኣዝዩ ዝተሓላለኸ መሸጣ ንግዲ ደቂ ሰባት ኮይኑ ዘሎ ኢዩ:: ኣብ'ዚ ቀለቤት እዚ ኸኣ: ዝተፈላለዩ ኣካላትን ጉጅለታትን ዝተጸምበርዎ ኢዩ:: ጉጅለ ተቖጻጻርቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዕዞ ስርሑ: ንጹር መረጋገጺ ሰነድ ክፍሊት ካብ ናይ ኤርትራ ወኪል: ወይ ከኣ ብቐጥታ ናይ ክፈሊት ትእዛዝ ዘለዎ ንጹርን: ከምኡ 'ውን ክኸውን ከም ዝኽእል ዝእምት ዋሕዚ ዘለዎ ምዕባሌታት: ኣብ'ዚ ንግዲ መሸጣ ደቂ-ሰባት ኢድ መንግስቲ ኤርትራ ከም ዘሎ ኢዩ ዘነጽር::

137. ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ብቐጻሊ ቅድሓት ናይ ገንዘብ ዝተሰጋገረሉ (ዝተሓወለሉ) ቅብሊት ሰነዳት: ቁጽሪ ብዝሒ ገንዘብ ክፍሊት ካብ ስድራ-ቤትን ቤተ-ሰብ ግዳያትን ዝተጨውዩ ሰባትን: ኣብ 2011ን 2012 ከምኡ 'ውን ኣብ'ቲ መስርሕ ንጹር ኣስማት ኤርትራውያን ውልቀ-ሰባት ዝሰፈሮ: መን ኢዩ በቲ ከባቢ ነቲ ገንዘብ ዝእክብ ነይሩ: ኣብ ውሽጢ ግብጺ ምሉእ ሓበሬታ ረኺቡ ኢዩ:: እንተኾነ ግን ብምኽንያት ጸጥታዊ ጉዳያት: ድሕነት ናይ'ቶም ሰባት: ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ነዚ ዝረኸቦ መርትዖ እዚ ከም ጥብቆ ኣስፊሩ ናብ ህዝቢ ክፉት ገይሩ ከቕርቦ ኣይመረጸን:: ይኹን ድኣ 'ምበር: ኣብ መዝገብ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣስፊርዎ ኣሎ:: ከም ሓደ ቅሙጥ ትእዛዝ ምውስሳብ ፈጢሩ ምናልባት ምፍርራሕ ኣብ ልዕሊ ናይ'ዞም ዝተጠቕሱ ኣስማት ውልቀ-ሰባት: ካብ'ቲ ብዙሕ ሓደ ቅብሊት ብነብሰ ተኣማንነት ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ ዝቐረበ ሰነድ ኣሎ::(109)

108. ቃለ መሕትት ምስ ኤርትርውያን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት: ተነጣጠፍቲ ማሕበራት 2012 ን2013:-
109. ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ምስ ዝተፈላለዩ ውልቀ-ሰባት ኣብ ዘካየዶ ርክብ ኣስማት ናይ ቅብሊትን ምስ መንግስቲ ኤርትራ ተሓባቢሩ ይሰርሕ ምንባሩ ኣረጋጊጾም ኢዮም

138. ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ሓደ ዘደንቕ መረጋገጺ ምስክርነት ብቐጥታ ናብ ኤርትራ ዝተኸፍለሉ ክፍሊት ገንዘብ ሰነድ ረኺቡ ኢዩ:: ኤርትራዊ ዜግነት ዘለዎ ሓደ ኣብ ጀርመን ዝቕመጥ: በቶም ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርትን መሸጣ ደቂ-ሰባት ዘካይዱ ጨወይትን ተገዲዱ: ካብ ፈተውቲ የዕሩኽቱን ቤተ-ሰቡን ብዝኣከቦን ዘዋህለሎን €9.000 (ትሽዓተ ሽሕ ኤውሮ): ንኽልተ ኣብ ሲናይ ዝተጨውዩ ደቂ ሓወቦታቱ ንኽፍትሕ ክብል ከፊሉ ኢዩ:: ኣብ ግብጺ ብ2011 ካብ ኤርትራ ሃዲሙ ድሕሪ ምውጽኡ: በቶም ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርትን መሸጣ ንግዲ ሰባት ዘካይዱ ጨወይትን: ናብ ሱዳን ድሕሪ ምእታዉ ኢዩ: እቲ ክፍሊት ገንዘብ ብቤተ-ሰቡ ኣቢሉ ናብ ኤርትራ: ብጥረ ገንዘብ ኣብ ኢድ ንናይ ኤርትራ ሰበ-ስልጣን ጸጥታ ከም ዝኸፈል ተገይሩ::(110)

139. ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ብዘይካ'ዚ ሓደ ዝተጨበጠን ዝተረጋገጸን መርትዖ ሰነድ: ምስ'ዚ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣ ደቂ ሰባትን ጭውያን ምትእስሳር ዘለዎ: ዜግነቱ ኤርትራዊ ዝኾነ: ከሰተ ጠዓመ ኣከሎም: ወይ ብ2ይ መጸውዒ ስሙ ኣንጎሶም ጠዓመ ዝጽዋዕ: ኣብ ምምራሕን ምውህሃድን ናይ'ዚ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ሰባትን መሸጣ ደቂ ሰባትን ጭውያን ዝነጥፍ ዝነበረን: ኣብ'ቲ ቀንዲ መስመር ቀለቤት ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣን ጭውያን ደቂ ሰባት: ካብ ኤርትራን: ሰሜን ኢትዮጵያን: ምዕራባዊ ሱዳንን ናብ ሲናይ: ግብጺ: እስራኤል ኢዩ ዘሰጋግር ነይሩ::(111)

140. ጠዓመ ንኣስታት ዓሰርተ ዓመት: ኣብ ናይ መንግስቲ ኤርትራ ወትሃደራዊ ማእከል: ከም ወትሃደር ኮይኑ ሰሪሑ ኢዩ:: ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ 'ውን: ከም ናይ ኣባል ክፍሊ ጸጥታ ላዕለዋይ ኦፊሰር ኮይኑ መሪሑ ሰሪሑ ኢዩ::(112) እዚ ኣባል ሃገራዊ ሃገልግሎት እናኾነ እንከሎ ኢዩ:: ጠዓመ ናብ ትግራይ ክኣቱ እንከሎ: ከም ካብ ኤርትራ ዘምለጠ ስደተኛ ኤርትራዊ ኮይኑ ኢዩ ኣትዩ:: ብቐጥታ ኸኣ ኣብ ጉዕዞኡ: ሓደ ካብ'ቶም ቁልፊ መስረትቲ: ንመንግስቲ ኤርትራ ዝቃወሙ ምንቅስቓስ ንፍትሕን ደሞክራስን (ምደፍኤ) (EMDJ) ዝተባህለ ውድብ ኮይኑ ኢዩ ጸኒሑ:: እዚ (EMDJ) ዝተባህለ ውድብ መበገሲኡ ኣብ ኢትዮጵያ ኢዩ:: ጠዓመ ኸኣ ሓደ ካብቶም መራሕቲ ናይ'ቲ ውድብ ኢዩ::(113)

141. ጠዓመ ንኢትዮጵያ ቆሪጹ ኣብ ዝጓዓዘሉ ዝነበረ እዋን ጥሪ 2012: ናይ 9 ሚሊ ሜተር ሽጉጥ (ፒስቶል): ከምኡ 'ውን 380.000 (ሰለስተ ሚእትን ሰማንያን ሽሕ ኢትዮጵያ ብር): ጥረ ገንዘብ ብገምጋም ኣስታት $22.000 (ዕስራን ክልተን ሽሕ ዶላር ኣሜሪካ): ኣብ ኢዱ ሒዙ ላንድክሮዘር ዝዓይነታ መኪና እናመርሐ እንከሎ ኢዩ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣትዩ:: ኣብ ኢዱ 'ውን ሓንቲ ካላሽን ኮብ ዝዓይነታ ተዓጻፊት ብረት ነይራቶ::(114)

110. ምስ ግዳያት ዝተገብረ ቃለ መሕትት 18 ለካቲት 2012

111. ዘተኣማምን ዝተጨበጠ ናይ ቴሌፎን ዝርርብ ምንጪ ካብ ቴል-ኣቪቭ 06 ግንቦት 2012

112. ኣባል 28 ክፍለ ሰራትዊት: 4ይ ብርጌድ: 2ይ ቦጠለኒ ከሰተ ጠዓመ ኣኮሎም: ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ ቃለ መሕትት 21-22 ሰነ 2012:-

113. (EMDJ) ዕጥቃዊ ብረታዊ ጎነጽ ኣንጻር መንግስቲ ኤርትር ዘካይድ: ብኢትዮጵያ ዝሕብሓብ ኮይኑ: መዓስከሩ ኣብ ኢትዮጵያ ሽረ ክልል ትግራይ ኢትዮጵያ ኢዩ:: ናይ'ዚ ምንጪ ሓበሬታ ካብ ዲፕሎማት ዝተረኸበ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሰነ 2012:-

114. እቲ ምቕያድ ዝተኻየደሉ ቦታ: ኣብ ዶብ ሱዳንን ሑመራን ዝቖርጽ መንገዲ ጥሪ 2012: ጠዓመ ናብ መቐለ ኢትዮጵያ ክሰግር እናተጓዕዘ እንከሎ ኢዩ:: ክሳብ ሰነ 2012 ኣቡኡ ተኣሲሩ ጸኒሑ:: ምስ ተቖጻጻሪት ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ቃለ መሕትት ንኽገብር ከኣ: ናብ ኣዲስ ኣበባ መጺኡ::

ኣባላት ፖሊስ ኢትዮጵያ ካብ ዝገረሞም ነገር እንተነይሩ: ጠዓመ ምስ ጀነራል ተኽለ ክፍላይ (ማንጁስ) ብሓባር ክሰርሕ ምጽንሑ ኢዩ:: ጀነራል ተኽለ ክፍላይ (ማንጁስ): ስሙ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ መዛግብቲ ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ቀንዲ ቁልፍን ኣወሃሃድን መራሕን መሸጣ ደቂ ሰባት: ካብ ኤርትራ ወጻኢ ናይ ዝመርሑ ኮይኑ ተመዝጊቡ ዘሎ ሰብ ኢዩ::

142. ጠዓመ ድሕሪ ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ምእታዉ: ንተወሳኺ መርመራ ኢዩ ናብ ኣዲስ ኣበባ መጺኡ:: ጠዓመ ኩሉ ተሓዋዊስዎ 'ኳ እንተነበረ: ከም ናይ ንጡፍ ክፍሊ ጸጥታ ኦፊሰር ኣብ ኤርትራን ሱዳንን ኢትዮጵያን ኮይኑ ይሰርሕ ምንባሩ ኣሚኑ ተቐቢልዎ ኢዩ::(115) ብዝኾነ ጠዓመ: ክሳብ ናብ ቀይዲ ዝኣተወሉ ግዜ: ንኹሉ ዕማሙ ኣብ ትሕቲ ጉልባብ ኣባል ምንቅስቓስ (EMDJ) ኮይኑ የሳልጥ ምንባሩ ኢዩ ቃል እምነቱ ሂቡ:: ጠዓመ ተደጋጋሚ ግዜ ናብ መዓስከር ስደተኛታት ሸገራብ ምዕራብ ሱዳን ዝመላለስ ነይሩ:: ብዘይብኡ 'ውን ኣብ ሸገራብ እንዳ ሻሂ ከፊቱ ነይሩ:: ነቲ እትዋት ገንዘብ ከኣ በታ ዝኸፈታ እንዳ ሻሂ ገይሩ ኢዩ ዝሓጽቦን ዝጉልቡቦን ነይሩ::(115)

143. ኣብ'ቲ ዝተኣስረሉ ህሞት: ጠዓመ ምስ ሰሎሞን ለማ ዝተባህለ ኢትዮጵያዊ ዜግነት ዘለዎ: ሰሎሞን ናይ ሙዚቃ ምውህሃድ ክእለት ዘለዎ: ናይ ቤተ ሰብ ምትእስሳር ምስ ጠዓመ ዘለዎ ኢዩ::(116) ለማ ካብ ጠዓመ: ብዝሒ ዘለዎ ዝተሰጋገረ ገንዘብ ይቕበል ከም ዝነበረ ተኣሚኑ ኢዩ:: ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ሰለስተ ግዜ ጠዓመ ብዕግበቱ ካብ ወጻኢ ገንዘብ ከም ዘሰጋገረን: ኣብ መጨረሽታ እዋን 'ውን ክልተ ግዜ ክፍሊት ካብ እስራኤል:(117) ለማ ኣብ መግለጺኡ ብዝሒ ናይ'ቲ ገንዘብ ኣስታት 100.000 ክሳብ 200.000 (ሓደ ሚእቲ ሽሕ ክሳብ ክልተ ሚእቲ ሽሕ ብር ኢትዮጵያ) ዝበጽሕ ገንዘብ: ንናይ ሙዚቃ መሳርሒ ገዚኡሉ:: ከም 'ውን ሓንቲ ሚኒባስ ዝዓይነታ መኪና:: ለማ ነቲ ገንዘብ ካብ ዘይሕጋዊ ምስግጋርን መሸጣ ደቂ-ሰባትን ጭውያን ዝመጸ ገንዘብ ምኳኑ ግን ኣይኣመነን:: ለማ ካብ እትዋት ንግዲ ዝተረኽበ መኽሰብዩ ኢዩ ዝብል::

144. ብዝኾነ እቲ ዝተኻየደ ውጺኢታዊ መርመራ: ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት 'ውን: ካብ ዝተፈላለዩ ነጻ ዝኾኑ ውልቀ-ሰባት ኤርትራውያን ብዝኣከቦ ቃለ ምስክርነት: ጠዓመ ኣብ ምስግጋርን መሸጣ ደቂ ሰባትን ጭውያን ይሰርሕ ከም ዝነበረ ኢዮም ዘመላኸቱ:: ንሱ 'ውን ኣብ'ቲ ናይ ቃለ መሕትት ቀጥዒ ተቐቢልዎስ: ንስእሉ ብዝምልከት 'ውን ብድልየቱ ስእሉ ከነልዕል ፈቒዱልናስ: ስእሉ ወሲድና ኢና:: (ስእሊ ናይ ጠዓመ ኣብ ጥብቆ 17 ተመልከት)(118) ዝተፈላለዩ ውልቀ-ሰባት ከም ዝጸብጸብዎ: ጠዓመ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ሸገራብ ምዕራብ ሱዳን ምንባሩ ኢዩ:: ብቐጻሊ ኸኣ ብቴሌፎን ርክባትን ምውህሃዳትን ይገብር ከም ዝነበረን: ንስደተኛታት የሰጋግርን: ወኪል ናይ'ቲ ኣብ ሱዳንን ኤርትራን ተሓጋጋዚ ናይ ራሻይዳ መሸጣ ንግዲ ደቂ-ሰባትን ኢዩ ነይሩ::

115. ቃለ መሕትት ምስ ጠዓመ: ኣብ ኣዲስ ኣበባ 21-22 ሰነ 2012:-
116. ምስ ኤርትራዊት ወላዲቱ ንሰሎሞንን: ከምኡ 'ውን ምስ ሰሎሞን ለማን: ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ ቃለ መሕትት ሰነ 2012:-
117. ቃለ መሕትት ምስ ኣማኒኤል ተስፋይ ሓዳይ: ከምኡ 'ውን ቴድሮስ በረኸት ዓሊ: ኣዲስ ኣበባ 3 ጥቅምቲ 2012:-
118. ቃለ መሕትት ምስ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ እስራኤል: 22 ሓምለ 18-21-23- ከምኡ ውን: 30 ነሓሰን 01 መስከረምን 31 ጥቅምቲ 2012:-

## B. Revenues from human trafficking

134. The Monitoring Group has also reported extensively in its previous reports (S/2011/433 and S/2012/545) on the role of Eritrean officials in the human trafficking rings operating in the eastern part of the Sudan, Egypt and Israel,(107) and has also identified a Swiss bank account that had been used to collect ransom payments extorted from the families of those being trafficked.

135. The Monitoring Group has continued to receive reports from human rights and refugee associations on the ongoing smuggling of thousands of Eritreans through the Sudan, into Sinai in Egypt and subsequently into Israel, although, since the completion of a defensive wall on the Israeli border with Egypt in 2012, most refugees now end their journeys in Egypt, most often in Cairo. On the way they are frequently subjected to torture and beatings or held hostage for ransom by Bedouin of the Sinai, in Egypt, and Rashaida Bedouin gangs in the Sudan and Eritrea, who often operate in tandem with Eritrean agents. Together, they extort sums as great as $40,000 from family members of the victims living in the diaspora.(108)

107 See for example, the report of Amnesty International, "Egypt/Sudan: Refugees face kidnapping for ransom, brutal treatment and human trafficking", 3 April 2013.

108 Interviews with Eritrean human rights activists 2012 and 2013.

136. The kidnapping, ransom and extortion of Eritrean migrants by human trafficking rings is a complex business involving a number of parties. The Monitoring Group has attempted to obtain evidence of extortion payments for which Eritrean agents are the direct beneficiaries in order to demonstrate, as clearly as possible, the continuing involvement of the Government of Eritrea in this trade.

137. The Monitoring Group has obtained copies of money transfer receipts documenting the extortion payments made by the families of Eritrean victims of such kidnappings in 2011 and 2012, and where the recipient of the funds are named Eritrean individuals who collected the payments from locations within Egypt. For security reasons the receipts have not been annexed but rather archived at the United Nations, in order to mitigate any possible threat against any of the named individuals. The recipient on one receipt is a self-confessed agent for the Eritrean Government. (109)

138. The Monitoring Group has also received testimony regarding ransom fees that have been paid directly to Eritrean officials. In one case, a Germany-based Eritrean citizen was forced to raise roughly 9,000 euros from friends and family to release two of his cousins who had been kidnapped in Sinai, Egypt, in 2011, after they had escaped from Eritrea and had joined a human trafficking caravan in the Sudan. The funds were transferred to a family member in Eritrea who delivered it in cash to a Government security office in Asmara. (110)

139. The Monitoring Group has received considerable information related to the involvement of an Eritrean national, Kassate Ta'ame Akolom (also known as Angosom Ta'ame) in leading a human trafficking and hostage-taking ring operating in Eritrea, northern Ethiopia and eastern Sudan. The ring is responsible for smuggling hundreds of refugees into Ethiopia and the Sudan, as well as escapees from Eritrea, to Egypt and Israel. (111)

140. Ta'ame served for 10 years in the Eritrean military, as well as operating for a period as an intelligence officer.112 Following his military service, Ta'ame arrived in Tigray, Ethiopia, portraying himself as an Eritrean defector. As such he was allowed to join the ranks of the Eritrean Movement for Democracy and Justice (EMDJ), an Eritrean opposition group operating in Ethiopia, as a team leader. (113)

141. Ta'ame was arrested as he crossed back into Ethiopia in January 2012 carrying a 9 mm pistol and 380,000 Ethiopian Birr in cash (approximately 22,000 USD), and driving a Land Cruiser, in which a Kalashnikov pattern assault rifle was also found.(114) The Ethiopian police stated that Ta'ame confessed he was working for General Teklai Kifle "Manjus", who has been named by the Monitoring Group in previous reports as a key coordinator of the human smuggling trade out of Eritrea

109 The Monitoring Group has been in contact with the individual named on the receipt who has confirmed that he worked for the Government of Eritrea.
110 Interview with victim's family, 18 February 2012.
111 Telephone conversation with confidential source, Tel Aviv, 6 May 2012.
112 He served in the 28th Division, 4th brigade, and 2nd battalion. Interview with Kassate Ta'ame Akolom, Addis Ababa, 21 and 22 June 2012.
113 EMDJ is an armed Eritrean opposition group supported by Ethiopia and based out of Shire, Tigray region, Ethiopia. Interview with diplomatic source, Addis Ababa, June 2012.
114 The arrest took place at the border crossing between Sudan and Humera in January 2012. He was transferred to Meqelle, Ethiopia, and jailed there until June 2012 when he was brought to Addis Ababa for an interview with the Monitoring Group

142. Following his arrest, Ta'ame was brought to Addis Ababa for further interrogation, when he changed his confession and steadfastly refused to admit he was an Eritrean intelligence officer active between Eritrea, Sudan and Ethiopia.115 Ta'ame did however admit that during the period prior to his arrest he was an EMDJ member. Under this cover, he regularly travelled to Shagarab refugee camp in eastern Sudan, where he ran a coffee shop. He explained the large sum of money he was caught with came from the proceeds of his coffee shop.(115)

115 Interview of Ta'ame, Addis Ababa, 21 and 22 June 2012.

143. At the time of his arrest, Ta'ame was accompanied by Solomon Lema, an Ethiopian national, who is a music composer and a family relative of Ta'ame's.(116) Lema, on his own admission, was used by Ta'ame to receive several large money transfers. The Monitoring Group interviewed three of Ta'ame accomplices who testified that he regularly received money transfers from abroad, including at least two payments sent from Israel.(117) Lema insisted that the sums he received, which ranged between 100,000 to 200,000 Ethiopian birr ($5,000 to $10,000), were used to buy musical instruments and a minibus, and were not related to the human trafficking or hostage release business.(117)

144. However, during the course of its investigation, the Monitoring Group has received several independent testimonies by Eritrean nationals who were themselves smuggled by human trafficking agents and who, during the interview process, recognized Ta'ame when they were shown a portrait photograph of him (see annex 17).(118) Several individuals report having seen Ta'ame in the Shagarab camp, in the Sudan, constantly on the telephone coordinatincoordinating the transfers of refugee candidates through the Sudan with other Eritrean nationals, with the assistance of Rashaida smugglers.(118)

115 Interview of Ta'ame, Addis Ababa, 21 and 22 June 2012.
116 Their mothers are from the same Eritrean clan. Interview with Solomon Lema, Addis Ababa, 3 June 2012.
117 Interviews with Amanuel Tesfai Haday and Tedros Bereket Ali, Addis Ababa, 3 November 2012.
118 Interviews of Eritrean refugees, Israel, 22 July, 18, 21, 23 and 30 August, 1 September and 31 October 2012.

6. ጸብጻብ ተቖጻጻሪት ጉጅለ ከም ዘንበብናዮ: ነዚ ናይ እገዳ ምንዋሕ መትረሪ ነጥቢ ኮይኑ ዝቐረበ መርትዖ ናይ ተቖጻጻሪ ጉጅለ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ኣብ'ቲ ጥብቆ ቁጽሪ(107) ኢሉ ኣቕሪብዎ ዘሎ: ጥብቆ ቁጽሪ "(107) ጸብጻብ ኣምነስቲ ኢንተርናሽዮናል ግብጺ/ሱዳን: ስደተኛታት ንእትዋት ክፈሊት ገንዘብ ተባሂሎም ተጨውዮም: ከም ጆሆ ዝተታሕዙን: ኣነዋሪ ኣተሓሕዛ ናይ'ቶም ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርትን: 03 ሚያዝያ 2013" ምኳኑ ኢዩ ዝገልጽ ዘሎ::

7. ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ባዕሉ: ነዚ ኣብ ግብጽን ሱዳንን ዝተረኽበ ኢሉ ዘቕረቦ ጸብጻብ ክትንትን እንከሎ: ብዝተጨበጠ መንገዲ መርትዖ ከም ዘይረኸበሉን: ኮይኑ ግን መንግስቲ ኤርትራ ኢዱ ካብ ምሕዋስ ከም ዘይገድፍ ከም ዝግምግም: ነዚ ገምጋሙ ዘግሃደሉ ጉዳይ ከኣ: እቲ ብዝተፈላለዩ ሰባት ዝዝረብን ዝዕለልን ኮይኑ: ልዕሊ ኹሉ ግን ናብ'ዚ ነጥቢ እዚ ዘብጽሖ ጉዳይ: እቲ ብ Europe External Policy Advisors (EEPA) ብጹጹይ መጽናዕቲ ቀሪቡ ናይ ዝተባህለ ጽሑፍ ቅመራ ምኳኑ ብምግላጽ: ናብ'ቲ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ባዕሉ ዘዳለዎ ጥብቆ ናይ Europe External Policy Advisors (EEPA) ኢዩ ዘሰጋግረካ::

እስከ ናብ'ቲ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ብዘገርም ናይ ኣተረጓጉማ ብልሓት: እንተላይ ናብ ቛንቛ ትግርኛ ተርጉሙ: ንመንግስቲ ኤርትራን ትካላቱን ጥራይ ዘይኮነ ኣስማት ኣይጥቀስ 'ምበር: ንሰበ-ስልጣን ኤርትራ ኣካቲቱ ዘቕረቦ ክስን መርትዖኡን:- <u>ጥብቆ ቁጽሪ 01 ተመልከት:-</u>

8. ትሕዝቶ ጸብጻብ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል: ብዝተባህለ እናበለ ኢዩ ናብ'ቲ ጸብጻብ ናይ Europe External Policy Advisors (EEPA) ብጥብቆ ኣተሓሒዙ: ከም ልጉብ መረጋገጺ ሰነድ ዘስግረካ: ንምኳኑ እዚ Europe External Policy Advisors (EEPA) ዝብሃል ትካል መን ኢዩ? ብመንከ ይመሓደር? ብመን ይምወል? ዕላምኡ እንታይ ኢዩ? ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ሒዙ ዘነጻጽሮ ዕላማኸ እንታይ ኢዩ? ክምለስ ዘለዎ ሕቶታት ኢዩ:: ነዚ እዚ ትካል ጺሒፉዎ ዝበሃል ዘሎ ጸብጻብ ተኣማንነቱ ክሳብ ክንደዩ ንዝብሉ ሕቶታት ቅድሚ ምምላስ: እቲ ትካል መን ምኳኑ ምንጻር ዘድሊ ይመስለና::

9. Europe External Policy Advisors (EEPA) መደበሩ ኣብ በልጅም ብራስለስ ኮይኑ: ብሓንቲ ሆላንዳዊት ፕሮፌሰር ዶክተር ሚርያም ፋን ራይዘን ዝተባህለት ኢዩ ዝምራሕ:: ፕሮፈሰር ዶክተር ሚርያም ፋን ራይዘን: ናይ ኣህጉራዊ ሓላፍነት ኢንደዋድ መንበር ኮሎምፕ ቲልብሩክ ዩኒቨርስቲ: ኣብ ክፍሊ ሰብኣውነት ትምህርቲ ባህልን መጽናዕትን ኢያ ተማሂራ:: ንሳ ሓንቲ ካብ መስረትቲ ዳይረክተር ናይ ኤውሮጳ ውሽጣዊ ፖሊሲ ምምኻር ዝተባህለ ዘይመንግስታዊ ማሕበር: ወናኒትን መስራቲትን ኣካያዲትን ኢያ:: እቲ ናይ መጽናዕቲ ማእከል ኪኢላታት: ኣብ ኤውሮጳዊ ሕበረት ውሽጣዊ ፖሊሲ መደበሩ ኣብ ብሩሰል ኢዩ:: ሚርያም ፋን ራይዘን ናይ ዕስራ ዓመት ናይ'ዚ ስራሕ'ዚ ልምዲ ዘለዋን: ኣብ ክልቲኡ ንጥፈት ስራሕ: በቲ ሓደ መዳይ ናይ ኤውሮጳዊ ሕብረት ጽላት ትሰርሕ ኢያ:: ኣብ 2012 ሚርያም ፋን ራይዘን: ናይ ወርቂ ምስሊ ኣዋርድ ሽልማት ካብ መንግስቲ ላይበርያ: በቲ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሰላም ንምምጻእ ዝሰርሓቶ ስራሕ ተባሂላ ተሸሊማ ኢያ:: እዚ ዝተጠቕሰ: ፕሮፈሰር ዶክተር ሚርያም ፋን ራይዘን ባዕላ: ኣብ መእተዊ ናይ'ዚ መጽሓፍ ንነብሳ ንምምላይ ካብ ዝሃበቶ መግለጺ ዝተወስደ ኢዩ::

10. ስለ'ዚ ብጥቕልል ዝበለ: ነቲ ልዕል ክብል ኣብ[14] ተጠቒሱ ንዘሎ ሕቶታት ንምምላስ: እዚ ዘይመንግስታዊ ማሕበር እዚ: ንመኸሰብ ዝሰርሕን: ንኽሕሱ ዝምወል ምኽኑ ካብ ዝርዝራት ናይ'ቲ ዘቕረቦ ጽሑፍ ንረኽቦ::

11. ኣብ'ቲ ብEurope External Policy Advisors (EEPA) ዝቐረበ ጸብጻብ ጽሑፍ: ኣብ መእተዊ ናይቲ ጸብጻብ ብቛንቋ እንግሊዝ ከም'ዚ ዝስዕብ ዝብል ኣሎ:-

## Disclaimer
## ኣመልከትቲ

"Due to security reasons and limited access to the Sinai region it has not been possible to crosscheck all information provided by the refugees in the interviews. Interviews were provided by interviewees who were distressed. For these reasons it is possible that some of the information given might not be accurate. If you have additional information, or believe that the information presented in this report is (partly) incorrect, please inform the authors. Scientific research including data collection on the ground is required to verify the practices described in this report."

ትርጉም

"ብውሁብ ጸጥታዊ ምኽንያት: ኣብ ከባቢ ሲናይ ናይ ዘሎ ኩናታት ናይ ዝተዋህበ ሓበሬታ: ብክልተኣዊ መንገዲ ከነረጋግጽ ኣይከኣልናን:: እቲ ዝተዋህበ ቃለ መሕትት ንባዕሉ: እቶም ሰባት ኣብ ትሕቲ ፍጹም ከቢድ ጸቕጢ ብዝነበሩ ሰባት ዝተዋህበ ኢዩ:: ስለ ዝኾነ ኸኣ: ሓደ ሓደ ካብ'ቲ ኣብ'ዚ ጸብጻብ ሰፊሩ ዘሎ ሓበሬታታት: ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ክኸውን ይኽእል ኢዩ:: ወይ ከኣ: ኣብ'ቲ ኣብዚ ጸብጻብ ሰፊሩ ዘሎ ሓበሬታ: ሓቅነት የብሉን ዝብል ኣካል እንተሃልዩ: በጃኹም ነዞም ነዚ ጽሑፍ እዚ ዘዳለና ሰባት ኣፍሉጡና:: ምኽንያቱ እዚ ጸብጻብ እዚ: ስነ-ፍልጠታዊ ምርምርን: ርጡብ ናይ ድሕረ ባይታ ስነዳ ምክያድ ኣድላዪ ኮይኑ ስለንረኽቦ:: ኣብ'ዚ ሰፊሩ ዘሎ ጸብጻብ ሓበሬታ ኣብ ምርግጋጹ ስለ ዝጠቅም::"

"Neither the individual contributors, researchers, translators, editors, system operators, developers, nor sponsors of this report, or anyone else connected to the realisation or publication of this report, take any responsibility for the results or consequences of the publication of this report or for the uses or adaptation of any of the information (or possible disinformation) contained in this report. Nothing contained in this report should be construed in any way as a legal opinion"

ትርጉም

"እቶም ሓደ ሓደ ኣስተዋጽኦ ዝገበሩ: ኣብ ምጽናዕ ናይ'ዚ ጸብጻብ ዝሰርሑን: ነዚ ጸብጻብ እዚ ክውን ንምኽን: ኣብ ስራሕ ትርጉም ዝተዋፈሩን: ነዚ ጸብጻብ እዚ ንምጽራይን ንምርቓቕን መመያ ዝገበሩን: ነዚ ጸብጻብ እዚ ንምህብታሙን ምምዕባሉን ኣበርክተኦም ዘንበሩን: እዚ ጸብጻብ እዚ ብመልክዕ ሰነድ ንኽቐርብ: ንምሕታሙን ኩለንታዊ ወጻኢታቱን ዝመወሉን: ወይ 'ውን ዝኾነ ይኹን ሰብ ነዚ ጸብጻባዊ ጽሑፍ እዚ ክውን ንምግባር ዝሓገዘ: ብሓላፍነት ናይ'ዚ ጸብጻብ እዚ ጉድለታት: ወይ ከኣ ብዝኸተል ሳዕቤናት ናይ'ዚ ጸብጻብ እዚ: ወይ ከኣ ሓቂ ንዘይኮነ ሓበረታ: (ወይ ድማ ምናልባትነት ዘለዎ /disinformation/ ተዋቓዒ: ኣዳናጋሪ: ኣሰሓሓቲ ሓበሬታ ኣብ'ዚ ጸብጻብ ተጠቒሱ ብዘሎ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ጸብጻብ ብምኽኑ: እዚ ጸብጻብ እዚ ዝኾነ ሕጋዊ ሓላፍነታዊ ተሓታትነት ከስዕብ ዝኽእል ባይታ ዘለዎ ኣይኮነን::" ይብል:: ንምሉእ ትሕዝቶ ዝርዝሩ ጥብቆ ቁጽሪ 02 ተመልከት:-

ንምኻኑ ደረስቲ ናይ'ዚ መጽሓፍ'ዚ በዓል መን ኢየን?
ክምለሽ ዘለዎ ሕቶ ኢዩ:-



Prof.Dr.Mirjam Van Reisen



Meron Estefanos



Dr. Conny Rijken

2ይ ክፋል: ኣብ ዝቕጽል የራኽበና:-

ጉጅለ ተጸናጸንቲ እከይ ውዲታት!!!
gdusattsenatsenti@gmail.com